ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ 2017 በጀት ዓመት ናይ ሰራሕተኛታት ካልሲ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 26, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 13, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 13, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

Date 03/06/2025

Ref.No DC/2598/10/2025

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ 2017 በጀት ዓመት ናይ ሰራሕተኛታት ካልሲ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን ትካላት በዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቐሓታት መሰረት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቕረባይ ፍቓድ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪፐ፡ ናይ 2017 ዓ.ም ሕጋዊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምኳኖም ከምኡ እውን ናይ ወርሒ መጋቢት ዲክላረሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ፤

3. ናይቲ ንብረት ፅሬትን መጠንን ዝምልከት ትካል ብዘቕረቦ ሳምፕልን ዓቑንን ከቕርቡ ዝኽእሉ

4. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዕለት 26/9/17 ዓ.ም ጀሚሩ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ብር 100/ ሓደ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ በቲ ኣብ ተራ ቑፅሪ 2 ተገለፀ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ፣

6. ናይ ጨረታ ውዕኢት ከይተፈለጠ ንባዕለ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፈልጥ ይግባእ፤

7. ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 26/9/2017 ዓ.ም እስካብ ዕለት 13/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንግሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኽውን፤

8. ጨረታ ዕለት 13/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንግሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡00 ናይ ንግሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4" ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን ሕጋውነቱ እስካብ ናይ ጨረታ ሰነድ ኩሉ ዝኸፈት ይኸውን፤

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፤

10. ሰዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምኻኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ድሕሪ መዓልቲ ኣብ ዘለዉ 5 ተኽታተልቲ መዓልትታ ውሸጢ ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕድርን ቀሪቡ ውዕሊ ክኣስር ይግባእ፤

11. በቲ ኣብ ተራ ቁፅሪ 10 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሸጢ ሓሙሽተ ተኽታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕሊ ዘይኣሰረ ሰዓሪ ጨረታ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፍለጥ ይግባእ፤

12. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

13. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተተደልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 307 ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይካርን ኣ/ማ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle